

# ቀኖና መጽሓፍ ቅዱስ ምጥርናፍ 66 መጻሕፍቲ

ብመም ተኪአ መብራህቱ

**ቀዳማይ ክፋል**

## 1. ቀኖና ዚብል ቃል፥ ዜስምዖን ኣምሩን

<u>1.1 ቀኖና ካብ መገመቲ ንላዕሊ፥ መለክዒ ምዃኑ የመልክት፡፡</u> ቀኖና ካብ ቋንቋ ናይ ግሪኽ ተለቂሑና ናይ ስነ-መለኮትን ናይ ቤተ-ክርስትያንን ኣምር ክንገልጽ እነዘውትሮ ቃል እዩ፡፡ ከም ጥረ ቃሉ፥ ብመበገስታ፥ መለክዒ ማለት እዩ፡፡ ንውሓት ናይ ሓደ ነገር ብልክዕ ክትዛረበሉ እትኽእል ብመለክዒኡ፥ ማለት በቲ ቀኖናኡ እንተ ዘይኮይኑ፥ ግምት




ኮይኑ እዩ ዚተርፍ፡፡ ስለዚ ብዛዕባ እቶም 66 መጻሕፍቲ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ፥ 39 ናይ ብሉይ ኪዳን፥ 27 ድማ ናይ ሓዲስ ኪዳን፥ ካብ ካልኦት ኩሎም መጻሕፍቲ ፍሉያት ዝገብሮም ክንሕብር ከሎና፥ ቀኖናውያን ንብሎም፡፡ ማለት፥ እዞም 66 መጻሕፍቲ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ መንፈሳውን ሃይማኖታውን ጕዳያት ብግምት ጥራይ ከይኾነ መለክዒ እዮም፡፡ በዘን ቀኖናውያን መጻሕፍቲ እዚኣተን ተዓቂኑ ልክዕ ኮይኑ ዝርከብ መንፈሳውን ሃይማኖታውን ሓቂ እዩ፡፡ ብኣኣን ልክዕ ኮይኑ ዘይርከብ ግና ወይ ጐደሎ ወይ ድማ ሓሶት ይኸውን፡፡

እምብኣርከስ ቀኖናውያን መጻሕፍቲ ብዝለዓለ ደረጃ ወሰንቲ መለክዒ እዮም፡፡

<u>1.2 መበገስታ ኣምር ቀኖናዊነት መጽሓፍ ቅዱስ ባዕሉ እዩ፡፡</u> እዚ ኣምር እዚ ካብቲ መጽሓፍ ቅዱስ ባዕሉ ዝመንጩወ ድኣ እምበር፥ ሰባት ዘንቀልዎ ከም ዘይኮነ መጽሓፍ ቅዱስ ባዕሉ ካብ ኦሪት ጀሚሩ ክሳዕ ራእዩ ዮሃንስ ደጋጊሙ ይሕብረልና፡፡ ኣብ ሰልሰተ ኣብነታዊ ጥቕስታት ንመልከቶ፡፡ ኣብ ትንቢት ኢሳይያስ ምዕራፍ 8፥20 ከምዚ ይብል፥

> "ናብ ሕግን ናብ ምስክርን፥ ከምዚ ዘመሰለ ቓል እንተ ዘይተናገሩ፥ ብሓቂ ወጋሕታ የብሎምን።"

ነብዩ ኢሳይያስ ብ 740--701 ቅ.ል.ክ.



እዩ ነዚ ዝተነብየ፡፡ ብዛዕባ መንፈሳውን ሃይማኖታውን ጕዳያት ሕቶታት ምስ ተላዕለ ከመይ ገይሮም ወሳኒ መፍትሒ ከም ዝረኽቡ ብትኽ ዝበለ መምርሒ ይህቦም፡፡ "ሕግን ምስክርን፥" ነቶም ክሳዕ ሽዑ ድሮ ተጻሒፎም ዝነበሩ ቀኖናውያን መጻሕፍቲ እዩ ዘመልክት፡፡ ስለዚ፥ ዝኾነ መንፈሳዊ ወይስ ሃይማኖታዊ ብሂል በቲ ቀኖናዊ ጽሑፋት ዘይድገፍ ዘበለ ኩሉ ተስፋ ዘይብሉ፥ ወጋሕታ ዘይብሉ፥ ክንጸግ ዝግብኦ ምዃኑ ይነግረና፡፡

ኣምር ቀኖናዊነት ብዘበን ብዓል ነብዩ ኢሳይያስ ዝመጸ ናይ ዳሕራይ ሓሳብ ኣይኮነን። ካብ ዘበን በዓል ሙሴ፥ 800 ዓመታት ቅድሚ ኢሳይያስ፥ ብ 1450 ቅ.ል.ክ.፥ መጽሓፍ ቅዱስ ኪፍልም ከሎ ዚጸንሐ እዩ፡፡ ንኣብነት ኣብ ኦሪት ዘዳግም ምዕራፍ 4፥2 ከምዚ ይብል፥

> "ነዚ ኣነ ዝእዝዘኩም ዘሎኹ ትእዛዛት እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ኣብ ልዕሊ እቲ ኣነ ዝእዝዘኩም ነገር፥ ኣይትወሰኹ፥ ካብኡ ኸኣ ኣይትነክዩ፡፡"

ናብ ዘበን ሓዲስ ኪዳን እንተ ሰገርና ድማ ኣብ እቲ ብ 97 ድ.ል.ክ. ኣቢሉ እተጻሕፈ ራእይ ዮሃንስ 22፥18-19 ብዛዕባ ቀኖናዊነት ተተምቢሁ ንረኽቦ፡፡

> "… ሓደ እኳ ናብዚ እንተ ወሰኸ፥ ኣምላኽ ከኣ ኣብዚ መጽሓፍ እዚ ተጽሒፉ ዘሎ መዓት ኪውሰኸሉ እዩ፡፡ ሓደ ሰብ እኳ ካብ ቃላት እዚ ትንቢት እዚ እንተ ኣጕደለ፥ ኣምላኽ ካብቲ ኣብዚ መጽሓፍ እዚ ተጽሒፈን ዘለዋ ኦም ህይወትን እታ ቅድስቲ ኸተማን ግዲኡ ኬጕድለሉ እዩ፡፡"

እምብኣርከስ፥ ቀኖናውያን ዚበሃሉ፥ ዘይንከዮም፥ ዘይውሰኾም መጻሕፍቲ፥ ካብ ሙሴ፥ ብ 1450 ቅ.ል.ክ. ኣቢሉ ጀሚሩ ክሳዕ ራእዩ ዮሃንስ 97 ድ.ል.ክ.፥ ኣብቲ ሕብረተ-ሰብ ኣይሁድን፥ ሕብረተ-ሰብ ክርስትያናትን ከም ዝነበሩ መጽሕፍ ቅዱስ ኣዳዕዲዑ እዩ ዚነግረና፡፡

እዞም መጻሕፍቲ እዚኣቶም ከም ቀኖናውያን እዞም ዝስዕቡ ባህርያት ኣለዎም፥-

1. ቀኖናውያን ተባሂሎም ዝስመዩ <u>ፍሉያት፥ ሕጹር ደምበ መጻሕፍቲ</u> ምዃኖም፣
2. <u>ምንጪ</u> ናይ እዞም ቀኖናውያን መጻሕፍቲ <u>ኣምላኽ ባዕሉ</u> ምዃኑ፣
3. <u>ጸሓፍቲ</u> ድማ ኣምላኽ ባዕሉ ዝመረጾም፥ እንታይ ከም ዝጽሕፉ ብመንፈስ ቅዱስ ዝመርሖም <u>ሰባት</u> ምዃኖም፣
4. ነቲ ንሳቶም ዝጸሓፍዎ ሓደ ሰብ እኳ <u>ኺንክየሉ ወይስ ኪውሰኽሉ</u> ስልጣን ከም ዘይብሉ፣
5. ቀኖናውያን መጻሕፍቲ ንእምነትናን ህይወትናን <u>ወሳኒ ስልጣን</u> ከም ዘለዎም ንርዳእ፡፡

## 2. ሓጺር ታሪኽ ቀኖናዊነት መጻሕፍቲ ብሉይ ኪዳን

<u>2.1 ቀኖናዊ ሓድጊ ዘይሓደጉ ቅዱሳን፥ ኢቀኖናዊ ጽሑፋቶም ድማ ዝጠፍአ ኣለዉ።</u> ቀኖናዊ ጽሑፍ ሓድጊ ዘይሓደጉ ናይ ኣምላኽ ሰባት ኣለዉ፡፡ ከምኡ'ውን

ኢቀኖናውያን መጻሕፍቶም ብፍቓድ ኣምላኽ ይጥፍኡ እተሓደጉ ኣለዉ፡፡

ቅድሚ ሙሴ፡ ቅዱሳትን ነብያትን ከም እኒ ኣዳም፡ ኣቤል፡ ኖህ፡ ኣብርሃም ይስሃቅ፡ ያእቆብ፡ ዮሴፍ ... ወዘተ፡ ምንባሮም ንፈልጥ ኢና፡፡ ነዚኣቶም ኣምላኽ ከም እተገልጸሎምን ፍቓዱ ከም ዘፍለጦምን ከኣ ተነጊሩና ኣሎ፡፡ እንተ ኾነ ግና ምስ ቀኖና ዝቑጸሩ ጽሒፎም ዝሓደጉልና ጽሑፋት የልቦን፡፡ ክሳዕ ዘበን ሙሴ፡ ንኣሽሓት ዓመታት ቀኖናውያን መጻሕፍቲ ኣይነበሩን፡፡ ምጽሓፍ ቀኖናዊ ጽሑፋት ብሙሴ እዩ ጀሚሩ፡፡

ብኣንጻሩ ኢቀኖናውያን መጻሕፍቶም ዝጠፍኡ ድማ ኣለዉ፡፡ በቲ መጽሓፍ ቅዱስ እተጻሕፈሉ ዘበናትን ቅድሚኡን ድሕሪኡን እተጻሕፉ ኢቀኖናውያን መጻሕፍቲ ሃይማኖት ምንባሮም መጽሓፍ ቅዱስ ባዕሉ የተምብሆ እዩ፡፡ እንተኾነ'ውን ኣብ ቍጽሪ ቀኖናዊነት ከይኣተዉ ኣምላኽ ይጥፍኡ ዝሓደጎም ትሽዓተ መጻሕፍቲ ኣብ ብሉይ ኪዳን ተጠቒሶም ንረኽቦም። እዞም ዝስዕቡ ንመልከት፡፡

"... ኣብ መጽሓፍ ውግእ እግዚኣብሄር ተባሂሉ እዩ ... " (ዘሁ 21፡14)

"... እዝስ ኣብ መጽሓፍ ያሺርዶኸ ተጽሒፉ ኣይኰነን?" (እያሱ 1፡13)

"... እዚ ኣብቲ መጽሓፍ ጻድቕ ተጻሒፉ ኣሎ፡፡" (2 ሳሙ 1፡18)

"... እቲ ዝተረፈ ናይ ሰሎሞን ነገር ... ኣብ መጽሓፍ ዛንታ ሰሎሞንዶ ተጻሒፉ ኣይኰነን፡፡" (1ይ ነገ 11፡41)

"... ናይ ንጉስ ዳዊት ነገራት ... ኣብ ዛንታ ሳሙኤል እቲ ረኣዪን፡ ኣብ ዛንታ ነብዩ ናታንን፡ ኣብ ዛንታ እቲ ረኣዪ ጋድን ተጽሒፎም ኣለዉ፡፡"(1ይ ዜና 29፡29)

"... ንሱ ኣብ ዛንታ ነብዩ ናታንን ኣብ ትንቢት ኣሒያ እቲ ሺሎናውን ኣብ ራእዩ የዕዶ ዝረኣዮዶ ተጽሒፉ ኣየሎን?" (2ይ ዜና 9፡29)

እተጠቕሱ መጻሕፍቲ ሃይማኖት ኣይሁድ ገሊኦም ብዘበን ሙሴ፡ ገሊኦም ብድሕሪኡ፡ ብናይ ኣምላኽ ሰባት እተጻሕፉ እዮም፡፡ እንተኾኑ'ውን ኣብ ደምበ ቀኖናውያን ከቶ ኣትዮም ኣይፈልጡን፡፡ ምናልባሽ ምእንቲ ብግዱሳት ሰባት ከይኣትዉ እውን ደኸውን ኣምላኽ ብፍላጡ ንእተጠቕሱ መጻሕፍቲ ብዘይ ኣሰር ይጥፍኡ ዝሓደጎም፡፡

ብኣንጻሩ፡ ብዛዕባ እቶም ቀኖናውያን ዝኾኑ መጻሕፍቲ ግና ኣምላኽ ንኣሽሓት ዓመታት ብመንስተንክር መገድታት ከም ዝዓቄሮም ኽጥርነፉ ከም ዝገበረን ኣብ ወንጌል ማቴዎስ 24፡35 ከምዚ ገይሩ ይሕብረልና፡ "ሰማይን ምድርን ኪሓልፍ፡ ቃለይ ግና ኣይኪሓልፍን እዩ፡፡"

"ሰማይን ምድርን ኪሓልፍ፡ ቃለይ ግና ኣይኪሓልፍን እዩ፡፡" (ማቴ 24፡35)

2.2 ቀኖና ብሉይ ኪዳን - ካብ ሙሴ ክሳዕ ሓዲስ ኪዳን፡፡ ቀኖናውያንን ዘይቀኖናውያንን መጻሕፍቲ ምንባሮም ካብቲ ታሪኽ ኣይሁድ ድሮ ተገንዚብናዮ ኣሎና፡፡ ብደረጃ ጉባኤ ወይ ሲኖዶሳት ዘይኰነስ በቲ ጸሓፊ ከም ቀኖናውያን ኰይኖም ዝቐረቡ፡ እቲ ሕብረተ ሰብ ኣይሁድ ድማ ካብ ጥንቲ ብእምነትን



ብምርዳእን ቀኖናውያን ገይሩ እተቐበሎም ጽሑፋት ከም ዝነበሩ ንፈልጥ ኢና፡፡

(ሀ) ቀኖናዊነት መጻሕፍቲ ናይ ሙሴ፡ (እተጻሕፈሉ ግምት 1450–1420 ቅ.ል.ክ.)

ሙሴ፡ እቲ ዝጸሓፎ ቀኖናዊ ምዃኑ፡ እቶም ህዝቢ ድማ ከምኡ ምዃኑ ኣሚኖምን ተረዲኦምን ከም እተቐበልዎ ኣብ ዘዳግም 31፡24-26 ተሓቢሩ ንረኽቦ፡፡

"ኰነ ድማ ሙሴ ቓላት እዚ ሕጊ እዚ ኣብ መጽሓፍ ጽሒፉ ምስ ወድኤ፡ ሙሴ ነቶም ታቦት ኪዳን እግዚኣብሄር ዚጾሩ ሌዋውያን ከምዚ ኢሉ ኣዘዞም፡ ነዚ መጽሕፍ እዚ ውሰዱ እሞ ኣብ ጎቦ ታቦት ኪዳን እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ኣንብርዎ፡ ኣብኡ ኸይኑ ንምስክር ደኹንካ፡፡"

(ለ) ቀኖናዊነት ናይ መጽሓፍ እያሱ፡ (እተጻሕፈሉ ግምት - 1400 ቅ.ል.ክ.)

ድሕሪ መጻሕፍቲ ኦሪት ተኸቲሉ ዚመጽእ፡ ብሽም እቲ ጸሓፊኡ እተሰምየ መጽሓፍ እያሱ እዩ፡፡ እያሱ በቲ ደቂ እስራኤል ካብ ግብጺ ዝወጹሉ እዋን ጕበዝ፡ ምናልባት 30-40 ዝዕድሚኡ ጊልያ ሙሴ ምንባሩ ንፈልጥ፡፡ ኣብ መበል 110 ዓመት ዕድሚኡ ከኣ ሞይቱ፡፡

እያሱ ቅቡእ ናይ ኣምላኽ ሰብ ምንባሩ ድማ ናይ ሰማንያ ዓመታት ታሪኹ ይምስክረሉ፡፡ ቅድሚ ካብዛ ዓለም ምስንባቱ፡ ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሑ እዚ ቀኖናዊ መጽሓፍ ከም ዝጸሓፈ፡ ህዝቢ እስራኤል ድማ ከምኡ ገይሩ ከም እተቐበሎ ኣብ እያሱ 24፡25–26 ተኣሚቱ ንረኽቦ፡፡

"እያሱ ድማ በታ መዓልቲ እቲኣ ምስቲ ህዝቢ ኪዳን ኣተወ፡፡ ሕግን ፍርድን ከኣ ኣብ ሰኬም ኣቘመሉ፡፡ እያሱ ድማ ነዚ ነገር እዚ ኹሉ ኣብ መጽሓፍ ሕጊ ኣምላኽ ጸሓፎ፡፡ ዓብዩ እምኒ ወሲዱ ኸኣ፡ ኣብ ትሕቲ እታ መቕደስ እግዚኣብሄር ዝነበረት ድዋ ኣቘሞ፡፡" (እያሱ 24:25--26)

እዚ እያሱ ዝጸሓፎ፡ ከምቶም ኣቐዲሞም ብሙሴ እተጻሕፉ ሓሙሽተ ቀኖናውያን መጻሕፍቲ ኦሪት፡ "መጽሓፍ ሕጊ ኣምላኽ፡" ተባሂሉ ተሰምዩ ከም እተወሰኸ ከንቕልበሉ ይግብኣና፡፡ መጽሓፍ እያሱ ድማ ቀኖናዊ ድኣ እምበር፡ ተራ መጽሓፍ ከም ዘይኰነ ንውሉድ-ወለዶ መዘከርታ ኽኸውን ሓወልቲ መዘከርታ ተገብሮ፡፡

(ሐ) ታሪኽ ቀኖናዊነት መጻሕፍቲ ብሉይ ኪዳን። ካብ ዘበነ መሳፍንቲ ክሳዕ ነብዩ ሚልኪያስ (1400 - 440 ቅ.ል.ክ.) ከም ዝሕብሮ፡ ከምቲ ንመጻሕፍቲ ኦሪት፡ መጽሓፍ እያሱ እተወሰኸ፡ ዝተረፉ 34 መጻሕፍቲ ድማ ዘገም እናበሉ ዳርጋ ንሓደ ሽሕ ዓመታት ተወሰኹ፡፡

ኣብ መወዳእታ፡ ብዘበን እዝራን ነህምያን፡ በቲ ንሳቶም ዘቘምዎ "ዓቢ ጉባኤ" ተባሂሉ ዝስመ፡ 120 ሊቃውንቲ ዝጸዓትሉ፡ ብ440 ቅ.ል.ክ. ኣቢሉ ተጻሒፉ ተዛዘመ፡፡ ብ100 ድ.ል.ክ ኣቢሉ ድማ ኣብ ጉባኤ ያምንያ ይጠበቕ ተባህለ። ኣብዚ ዚስዕብ ሓጺር ታሪኽ ቀኖናዊነት ብሉይ ኪዳን ንመልከት፡-

- ነብዩ ሳሙኤል (1075-1035 ቅ.ል.ክ.) ቀኖናዊ መጽሓፍ ከም ዝጸሓፈ ኣብ 1ይ ሳሙ 10፡25፡ "ሽዑ ሳሙኤል ነቲ ህዝቢ ሕጋጋት መንግስቲ ነገሮ፡ ኣብ መጽሓፍ ጽሒፉ ኸኣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣንበሮ..." ብዚብል

ተተምቢሁ ንረኽቦ፡፡

- ብዘበን ንጉስ ዮሳፋጥ (914 ቅ.ል.ክ.) ቀኖናውያን ጽሑፋት ምንባሮም ኣብ 2ይ ዜና መዋእል 17፡9 ከምዚ ዚብል ተተምቢሁ ንንብብ፡ "መጽሓፍ ሕጊ እግዚኣብሄር ሒዞም ድማ ኣብ ይሁዳ መሃሩ፡ ኣብ ኵለን ከተማታት ይሁዳ ዞይሮም ከኣ ነቲ ህዝቢ ይምህሩ ነበሩ፡፡"

ክሳዕ እዚ ዘመን እዚ ተጻሒፎም ዝነበሩ 14 ቀኖናውያን መጻሕፍቲ፡ ሓሙሽተ መጻሕፍቲ ኦሪት፡ መጽሓፍ እያሱ፡ መጽሓፍ መሳፍንቲ፡ 1ይን 2ይን መጽሓፍ ሳሙኤል፡ 1ይ መጽሓፍ ነገስት፡ መዝሙር ዳዊት፡ መክብብ፡ መጽሓፍ ምሳሌ፡ መጽሓፍ እዮብ እዮም፡፡ ዝተረፉ 25 ቀኖናውያን ጌና ኣይተጻሕፉን ነይሮም፡፡

- ቅድሚ ምርኮ ሰሜናዊ ክፍሊ እስራኤል ኣሞጽ (759--745 ቅ.ል.ክ.) ኣብ መጽሓፉ 2፡4፡ ሆሴእ (743--737 ቅ.ል.ክ.) ኣብ 8፡12፡ ኢሳይያስ (740-701 ቅ.ል.ክ.) ኣብ 34፡16 ቀኖናውያን መጻሕፍቲ ከም ዝጸሓፉ የተምብህዎ፡፡

- ብ 621 ቅ.ል.ክ. ንነዊሕ እዋን ጠፊኡ ዝነበረ ቀኖናዊ ጽሑፋት ከም እተረኽበ ኣብ 2ይ መጽሓፍ ነገስት 22፡8ን 10ን፣ 23፡1-3 ከነንብቦ ንኽእል፡፡

- ብዘበን ዳግማይ ምርኮ ዝነበረ ዳንኤል (626--539 ቅ.ል.ክ.) ኣብ መጽሓፉ 9፡2፡ ድሕሪ ምርኮ ዝተነበየ (520-518 ቅ.ል.ክ.) ነብዪ ዘካርያስ ኣብ መጽሓፉ 7፡12 ቀኖናውያን ዝኾኑ መጻሕፍቲ ምንባሮም የተምብህዎ፡፡

- ቀኖናውያን መጻሕፍቲ ብሉይ ኪዳን ብሙሴ ብ1450 ቅ.ል.ክ. ኣቢሎም ጀሚሮም፡ ብብዘበኑ ንሓደ ሽሕ ዓ መታት፡ ዘገም ኢሎም እናተወሰኽዎም፡ ድሕሪ ምምላስ ካብ ምርኮ ብነብዪ ሚልኪያስ (460 ቅ.ል.ክ.) ተፈጸሙ፡፡

- ብ430 ቅ.ል.ክ. ኣቢሉ፡ በቶም እዝራን ነህምያን ዘቘሙዎ ሊቃውንቲ፡ ዓቢ ጉባኤ ተባሂሎም ዝስመዩ ድማ ቀኖናውያን መጻሕፍቲ መጽሓፍ ቅዱስ ከም እተጠርነፉ ኣብ ታሪኽ ንረኽቦ፡፡ ካብ ምርኮ ምስ ተመልሱ እዝራን ነህምያን ንህዝቢ እስራኤል ዘበርከትዎ ምጥርናፍ ቀኖናውያን መጻሕፍቲ ነበረ፡፡ ነቲ ካብ ምርኮ እተመልሰ ህዝቢ ምጥርናፍ ቀኖናውያን መጻሕፍቲ መሰረት ምትካል ሃገር ኰነሉ፡፡

(መ) ጉባኤ ያምንያ - 100 ድ.ል.ክ.፤ ምዝዛም ቀኖናዊነት ብሉይ ኪዳን። ብድሕሪ ዘበን እዝራ-ነህምያ-ሚልክያስ፡ ንኣርባዕተ ሚእቲ ዓመታት ዚኣክል ክሳዕ ነብዪ ዮሃንስ መጥምቕ ዚትንስእ፡ ነብዪ ዚብሃል ኣብ እስራኤል ኣይተንስኣን፡፡ ስለዚ፡ እዚ ዘበን እዚ፡ ዘበን ድርቀተ-ነብያት ተባሂሉ ይስመ፡፡

እንተ ኾነ'ውን፡ ብኣንጻሩ ስነ ጽሑፋት ዝሰሰነሉ ዘበን እዩ ነይሩ፡፡ ንኣብነት፡ ብግእዝ፡ "መጻሕፍቲ ኣዋልድ" (ኣፖክሪፋ) ተባሂሎም ዝስመዩ 14 መጻሕፍቲ፡ ድሕሪ 400 ቅ.ል.ክ. እተጻሕፉ ኣለዉ፡፡ ከምኡ ድማ 65 መጻሕፍቲ ሱደፒግራፋ ዝብሃሉ በዚ ዘበን እዚ እዮም ተጻሒፎም፡፡ ካልኦት ብርክት ዝበሉ እውን ኣለዉ፡፡



እዚኣቶምከ ቀኖናውያንዶ እዮም ወይስ ኣይኮኑን ዝብል ሕቶታት ተላዕሉ፡፡

ነዚ ሕቶ እዚ መልሲ ክረኽብሉ ሊቃውንቲ ኣይሁድ ነዊሕ ዓመታት ዝወሰደ ጉባኤታት ኣብ ያምንያ ኣካይዶም ብ 100 ድ.ል.ክ. ኣቢሉ ቀኖናዊነት ብሉይ ኪዳን ዛዘምዎ፡፡ በቲ ዓቢ ውግእ ብ70 ድ.ል.ክ. እተፈጸመ፡ የሩሳሌም ዓነወት እሞ፡ ንሓያሎ ዓመታት ሕምብርቲ ኣይሁድነት ምዃን ኣቋረጸት፡፡ ሊቃውንቲ ኣይሁድ ድማ ንያምንያ መኣከቢቶም ገበሩዋ፡፡ ያምንያ 30 ማይልስ (48 ኪ.ሜ) ኣቢሉ ርሒቓ፡ ብሸንኽ ምዕራብ የሩሳሌም እትርከብ ከተማ እያ ነይራ፡፡

እዞም ሊቃውንቲ ነዘን 39 መጻሕፍቲ ብሉይ ኪዳን፡ ንኣማእታት ዓመታት ከም ቀኖናውያን መጻሕፍቲ ቅቡላትን ወሰንትን መምርሒ ናይ ሕብረተ-ሰብ ኣይሁድ ኰይነን ዝጸንሓ፡ ቀኖንውያን ኢሎም ይጠበቕ በልዎ፡፡ ነተን ካልኦት መጻሕፍቲ ከም በዓል መጻሕፍቲ ኣዋልድ፡ ሱደፒግራፋን ካልኦትን ግና ምንባበን ጠቐምቲ ግናኸ ቀኖናውያን ኣይኮናን ኢሎም ወሰንዎ፡፡

ስለዚ ጉባኤ ያምንያ፡ ነቲ ዘገም እናበለ ዝግስግስ ዝነበረን ድሮ እተፈጸመን ቀኖናዊነት መጻሕፍቲ ብሉይ ኪዳን ብደረጃ ጉባኤ ብዕሊ ዛዘሞ፡፡

2.3 ካብ ያምንያ ክሳዕ ጉባኤ ትረንት- 100 - 1546 ድሕሪሉን። ጉባኤ ያምንያ ኣየኖት እዮም ቀኖናውያን መጻሕፍቲ ብሉይ ኪዳን ንዚብል ሕቶ፡ በቲ ብ100 ድ.ል.ክ. ኣቢሉ እተፈጸመ ኣኼባ ዕላዊ መልሲ ሂቡ በተን 39 መጻሕፍቲ ዓጽዩዎ ነይሩ፡፡ ነቶም ሕቶ ኰይኖሞ ዝነበሩ 14 መጻሕፍቲ ኣዋልድ (ኣፖክሪፋ) ግና ምንባቡ ጠቓሚ ግናኸ ኢቀኖናዊ ኢሉ ወሰነ፡፡

በዚ ውሳኔ እዚ ድማ ዝያዳ ካብ ሓደ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን ዓመታት፡ ክሳዕ 1546 ዓ.ም ቀጸለ፡፡ ግናኸ እቲ ብ 1546 ዓ.ም እተኣከበ ጉባኤ ትረንት ናይ ሮማዊት ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን፡ ንመጻሕፍቲ ኣዋልድ ምስቶም ዝጸንሑ 39 መጻሕፍቲ ወሰኹ ቀኖናውያን ኪኾኑ ወሰነ፡፡ እቶም ሽዑ እተወሰኹ ኣፖክሪፋ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡፡

### ኣፖክሪፋ

1. ጦቢት
2. ዮዲት
3. 1ይ እስድራስ
4. 2ይ እስድራስ
5. ተወሳኺ ኣስቴር
6. ባሩኽ
7. ሱሳና
8. 1ይ ማቃቢ
9. 2ይ ማቃቢ
10. ጸሎት ምናሴ
11. ታሪኽ ዕንወት በልን ገበልን
12. መዝሙር ሰለስተ ሕጻናት
13. ኤክሊስቲያቲኩስ
14. መልእኽቲ ኤርሚያስ

ስለምንታይ ድሕሪ ሓደ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን ዓመታት ብሮማዊት ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ከምዚ ዝበለ ጉባኤኣዊ ውሳኔ ምሃብ ኣድለየ? ከምዚ ዝኾነሉ ታሪኻዊ ሃዋህው ክንፈልጥ ጽቡቕ እዩ።

ቅድሚ እዚ'ውን እንተኾነ፡ ኢሬንዮስ፡

በቲ 2ይ ክፍለ ዘመን ኣብ ልዮን ፈረንሳ ዝነበረ ጳጳስ፡ ላቲናዊ ተርቱልዮን (165-225 ዓ.ም)፡ ክለመንቶስ በዓል እስክንድርያ (150 - 215 ዓ.ም) … ወዘተ፡ ነዞም ኣፖክሪፋ መጻሕፍቲ ከም ቀኖናውያን ይጥቀሙሎም ነይሮም እዮም፡፡ ጉባኤ ሮማ ብ382 ዓ.ም.፡ ጉባኤ ሂፖ ብ393 ዓ.ም.፡ ጉባኤ ካርተጅ ብ397 ዓ.ም. ከም ንኡሳን ቀኖናውያን ኪቕበሎም ወሲኑ ነይሩ፡፡ እቲ ካብ እብራይስጢ ናብ ቋንቋ ግሪኽ ብ250 ድ.ል.ክ. ኣቢሉ ንመጀመርታ እተተርጐመ ሰፕቲዊጀንት እተባህለ ብሉይ ኪዳን፡ ነቶም ሰላሳን ትሽዓተን መጻሕፍቲ ሒዙ ጥራይ ይርከብ ነይሩ፡፡ ግናኸ እቲ ብድሕሪኡ ካብ 300 ዓመተ ምህረት ጀሚሩ ዘሎ ሰፕቲዊጀንት ኣፖክሪፋ ተወሲኹዎ ንረኽቦ፡፡

ካብ ሓደ ሽሕ ዓመታት ንላዕሊ ምስ ሓለፈ፡ ማርቲን ሉተር ንሓደ ሓደ ትምህርትታን ተግባራትን ናይታ ሮማዊት ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ክብድሆ ምስ ጀመረ፡ ጉባኤ ትረንት ተጸዊዑ፡ ንቀኖናዊነት መጻሕፍቲ ኣፖክሪፋ ኣኽረሮን በየነሉን፡፡ ብ1672 ከኣ ብጉባኤ የሩሳሌም ንመጻሕፍቲ ኤፖክሪፋ ኦርቶዶክሳውያን ተቐበልዎ። በዚ ኸኣ፡

- ብሉይ ኪዳን ናይ ኣይሁድ ጳለስጢንን ናይ ወንጌላውያንን 39 ቀኖናውያን መጻሕፍቲ፣
- ናይ ካቶሊክ 53 መጻሕፍቲ፣
- ናይ ኦርቶዶክስ ድማ 54 ሒዙ ይርከብ፡፡

ስለምንታይ እዮም ወንጌላውያን ነቶም ኤፖክሪፋ ከም ቀኖናውያን ክፍሊ ናይ ብሉይ ኪዳን ጌርና ዘይንቕበሎም? ሓጺር ኣርእስታዊ መልስታት ብምሃብ ጥራይ ንዘርዝሮ፡፡

1. መጻሕፍቲ ኤፖክሪፋ ኣብ ዝርዝር ቀኖናውያን መጻሕፍቲ ኣይሁድ (እብራይስጢ) ከቶ ኣትዮም ኣይፈልጡን እዮም፡፡

2. ከምቲ ነብያት ብሉይ ኪዳን ብመሪሕነት መንፈስ ቅዱስ ከም ዝጸሓፉ ዘዳዕድዕዎ፡ ጸሓፍቲ ኤፖክሪፋ ከቶ ኣየዳዕድዕዎን እዮም፡፡ ንኣብነት፡ እቲ ጸሓፊ ናይ 1ይን 2ይን መጽሓፍ ማቃቢ ኣብ መደምደምታ መጽሓፉ ከምዚ ይብል፡
   "ዛንታይ ኣብዚ እፍጽሞ፡፡ ጽቡቕ እንተ ገይረ፡ እተመንኽዎ ኰነለይ፡፡ ከም ምንዮተይ እንተ ዘይኰነለይ ግና ዓቕመይ ንሱ እዩ፡፡" (2ይ መቃቢ. 15፡38)

3. ካብቶም ጸሓፍቲ ኣፖክሪፋ፡ ነብዪ ምኳኑ ብመለኮታዊ ሓይሊ ዘመስከረ ሓደ'ኳ የብሎምን፡፡

4. ካብቶም 14 መጻሕፍቲ ንግር ትንቢት ዝሓዘ ኣይርከቦምን እዩ፡፡

5. ኣብ መጻሕፍቲ ሓዲስ ኪዳን፡ ካብቶም 39 ቀኖናውያን መጻሕፍቲ ብሉይ ኪዳን እተጠቕሱ፡ ልዕሊ 1600 ጥቕስታት ንረክብ፡፡ ካብ መጻሕፍቲ ኤፖክሪፋ እተጠቕሰ ግና ሓደ እኳ ኣይንረክብን፡፡

6. ከምቲ ንቀኖናዊነት ኣፖክሪፋ ብንኡስ ደረጃ እተቐበሉ ኣበዋት ዝነበሩ፡ ብኣንጻሩ ድማ ቀኖናውያን ኣይኰኑን ኢሎም ዝነጸጉዎም ከም እኒ ጀሮም፡ ኦሪጅን፡ ሲሪል በዓል የሩሳሌም፡ ጳጳስ መሊቶ በዓል ሳርዲስ፡ ኣትናቴዎስ ነይሮም እዮም፡፡



7. ኣብ መጻሕፍቲ ኤፖክሪፋ ልክዕ ዘይኰነ ታሪኽ ተጻሒፉ ይርከብ፡፡ ብመንፈስ ኣምላኽ ተመሪሖም ዝጸሓፍዎ ቀኖናዊ ነይሩ እንተ ዝኸውን ነይሩ ታሪኻዊ ዘይልክዕ ኣይምተረኽቦን፡

8. መጻሕፍቲ ኤፖክሪፋ ሓሓሊፉ ምስ ትምህርቲ ቀኖናውያን መጽሓፍ ቅዱስ ዝዋቓዕ ሒዙ ይርከብ፡፡

9. ውሳኔ ጉባኤታት ሚዛን ክወሃቦ ዝግባእ እንተኾነ'ውን፡ ጉባኤታት ብእተፈላለዩ ምኽንያታት ይጋገዩ እዮም፡፡ ንዝኣ ርእሱ ብመሪሕነት መንፈስ ቅዱስ ከም እተጻሕፈ ዘየዳዕድዕ መጽሓፍ፡ ጉባኤታት ቀኖናዊነት ክልብስዎ ስልጣኖም ኣይኰነን።

ካልእይን መወዳእታን ክፋል ኣብ ዝመጽእ ሕታም ይቕጽል

### ብሉይን ሓዲስን

እስኪ ምዕዶ ንስማዕ ኵልና ኣመንቲ፡
ብኣሪት ኣቢልና ናብ ወንጌል በጺሕቲ።
ኣብ ወንጌል ክንበጽሕ ቀጥ ኢልና
ቀወምቲ፡
ልብና ኣይነብሎ ንላዒ ንታሕቲ፡
ናብ የማን ናብ ጸጋም ኣይነህተቲ፡
ንሓቂ ኣምሲሎም፡ ንሓሶት መእተውቲ፡
ንመጽሓፍ ንዒቖም፡ ጥበቦም
መጽደቕቲ፡
ካብ ቅኑዕ መገዲ፡ ንሰብ መዘንበልቲ፡
ኣባጊዕ ተመሲሎም፡ ተኲሉ ዘረፍቲ፡
ከም ዝነገረና፡ ክርስቶስ ብጥንቲ። (ማቴ ፭፡፲፭)
ይኣኽላና እየን፡ ሓዲሳት ፈጸምቲ።
ካብ ብሉይ ካብ ሓዲስ፡ እንተ
ኣውደቕና ሓንቲ፡
ክርስትያን ድማ፡ ኾልና ጠፋእቲ።
(ማቴ ፭፡፲፯ - ፲፱ ሉቃ ፲፮፡ ፲፮ - ፱፯)

ብ1913 ብኣባ ገብረ ስላሴ ዝተጻሕፈ

## ልደት ብዛዕባ መን እዩ?

ብመም ተኪአ መብራህቱ

ልደት፡ ከም ባህሊ፡ ዓመት-ዓመት ነብዕሎ፤ ህያባት ንውሃሃብ፤ ምስ ፈተውትና እንራኸበሉ እዋን ይኸውን፡፡ ከምቲ ዝብልዎ፡ ነጋዶ እቲ ዝዓበየ መኽሰብ ዝገብርሉ እዋን ሸው እዩ። ኣብ ስርዓት ቤተ-ክርስትያን ድማ ከቢሩ ይውዕል።: እዚ ኩሉ ዘብለጭልጭ ሽፋናቱ እንተ ኣልጊስናዮስ: ልደት ብሕመረቱ እንታይ እዩ?

ብሉይን ሓዲስን ኪዳናት መጻሕፍቲ ብዛዕባ ልደት ብእተፈላለየ ኣቀራርባ ካብ ኦሪት ዘፍጥረት ጀሚሮም ክሳዕ ራእይ ዮሃንስ ሓሓሊፉም ብዛዕባ ልደት ይዛረቡ፡፡ ሙሴ ኣብቲ መጀመርታ መጽሓፍ፡ ብ1450 ቅ.ል.ክ. ኣቢሉ ዝጸሓፎ፡ ኦሪት ዘፍጥረት፡ ብዛዕባ ልደት ብትንቢታዊ ኣገባብ ገይሩ ይዛረበሉ፡፡ ሃዋርያ ዮሃንስ ድማ ኣብቲ ራእይ ዮሃንስ ዝብሃል መጽሓፉ ብ95 ድ.ል.ክ. ኣቢሉ እተጻሕፈ፡ ከም እተፈጸመ ትንቢት ገይሩ ይዛረበሉ፡፡ ኣብ መንጎ እዚ ክልተ ሓጹር መዋእል፡ ነብያትን ሃዋርያትን ኣበርኪቶም ን1500 ዓመታት ኣቢሉ ዝኸውን ተዛሪቦምሉ፡፡ ብዛዕባ እንታይ እዩ ልደት ብሕመረቱ? እዚ ከም ኣዝዩ ዓቢ በዓል ዚኽበር፡ ንኤኮኖሚ ዘሳውር፡ ልዕሊ ሓደ ሽሕ ዓመታት ድማ መዛረቢ ጉዳይ ዝኾነ ኣዝዩ ዓቢ ነገር ክኸውን ናይ ግድን እዩ እሞ፡ ልደት ብሕመረቱስ እንታይ እዩ?

ነብያት ብሉይ ኪዳን ብእተፈላለየ መገዲ ብዛዕባ ልደት ንነዊሕ እዋን ከም እተነበዩ ኣቓዲምና ኣሚትናዮ ኣሎና፡፡ ብውሕዱ 300 ጊዜ ብእተፈላለየ ኣገባብ ትንቢት ነዚ እንዛረበሉ ዘሎና ይዛረብሉ፡፡ ልደትሲ ብዛዕባ

መን እዩ ብሕመረቱ? ብዛዕባ በዓል ኣይኮነን፤ ብዛዕባ ምሃብን ምቕባልን ህያባት'ውን ኣይኮነን፤ ብዛዕባ ኤኮኖማዊ ምስሳን ኣይኮነን፤፡ ብዛዕባ ስርዓት ቤተ ክርስትያን'ውን ኣይኮነን፡፡ ልደት፡ ብቐዳሚነቱን ብሕመረቱን ብዛዕባ የሱስ ክርስቶስ እዩ፡፡

ኢሳይያስ 780 ቅ.ል.ክ. እዩ ተነብዩ፡፡ ብዛዕባ ልደት የሱስ ክርስቶስ ድማ ኣብ መጽሓፉ 9፡6 ከምዚ ኢሉ ይንበ፡፡

> “ሕጻን ተወሊዱልና፡ ወዲ ተዋሂቡና እዩ እሞ፡ እቲ ግዝኣቱ ከኣ ኣብ መንኵቡ እዩ፡ ስሙ'ውን ግሩም፡ መካር፡ ብርቱዕ ኣምላኽ፡ ኣቦ ዘለኣለም፡ መስፍን ሰላም ኪስመ እዩ፡፡

እዚ ብድሕሪ 780 ዓመታት ከም እተፈጸመ ማቴዎስ ኣብ 1፡23 ይጠቕሶ፡፡ እቲ መልኣኽ ንድንግል ማርያም፡ ምልእተ ጸጋ፡ ብዛዕባ ልደት የሱስ ክርስቶስ ከበስራ ከሎ፡ ስሙ ኣማኑኤል ክትብሎ ይነግራ፡፡ ኣማኑኤል ማለት ድማ፡ ብቛንቛ እብራይስጢ፡ ኣምላኽ ስጋ ለቢሱ ኣብ ማእከልና ተጋሂዱ ማለት እዩ፡፡ እምበኣርሲ እቲ ሕመረት ልደት እዚ እዩ፡፡




መምህራን፡ መስረቲ ሃይማኖት፡ ነብያት ኣብ ምሉእ ዓለም ከም ዝተንስኡ መባእታዊ ታሪኽ እዩ፡፡ የሱስ ክርስቶስ ድኣ ካብ ኩላቶም ብምንታይ ይፍለ? ካልኦት ኩላቶም መምህራንን ነብያትን እዮም። የሱስ ክርስቶስ ግና ዝያዳ ኣለዎ፡፡ ስጋ ለቢሱ እተጋህደ ኣምላኽ፣ ትጽቢት ትንቢት ዘማልአ እዩ፡፡

ብ600 ቅ.ል.ክ. ነብዩ ሚክያስ ኣብ መጽሓፉ 5፡2 የሱስ ክርስቶስ ኣብ ቤት ልሄም ናይ ይሁዳ ከም ዝውለድ ተነብዩ፡፡ ዮሴፍን ማርያምን ዝቐመጥሉ ዝነበሩ ዓዲ ግና ኣብ ናዝሬት፡ 57 ማይልስ (90 ኪሜ) ምርሓቑ እዩ ነይሩ፡፡ እሞኸ፡ እቲ ትንቢት ኣብ ቤት ልሄም እናበለ፡ የሱስ ኣብ ናዝሬትዶ ክውለድ እዩ? ቄሳር ከይተፈለጠ ብውሽጡ ተደሪኹ ብዝኣወጆ ኣዋጅ ብጽሕቲ ወርሒ ማርያም ናብ ቤት ልሄም ኺትገይሽ ግድን ኰና፡፡ ኣብኡ ድማ ሓረሰት፡፡ ትንቢት ልደት ድማ ተፈጸመ፡፡ (ሉቃ 2፡1–7 ተመልከቱ)።

ቅድሚ ኣሽሓት ዓመታት ካብ ዓሌት ኣብርሃምን ነገደ ይሁዳን ከም ዝውለድ፡ መዘና ዘይብሉ ተኣምራታዊ ሓይልታት ዝዓዘዞ ኣገልግሎታት ከም ዘበርክት፡ እንታይ ዓይነት ሞት ከም ዝመውት፡ ካብ ምዉታት ድማ ከም ዚትንስእ ኣበርኪቱ ብትንቢት ተነጊሩ ነይሩ፡፡ ሓያላት ተጻባእትን ዓንቀፍቲ ኵነታትን እንተ ነበሩ'ውን ነቲ ምፍጻም ትንቢትሲ ክኹልፍዎ ኣይከኣሉን፡፡

እምብኣርከስ ንሕመረታዊ እንታይነት ናይ ልደት በቲ ዮሃንስ 1፡14 ዝህበና ትንቢታዊ መፈጸምታኡ፡ ንደምድሞ፡-

> *“እቲ ቓል ስጋ ኾነ፡ ጸጋን ሓቅን መሊእዎ ኸኣ ኣባና ሓደረ፡፡ ክብረቱ ድማ ከም ክብሪ ናይቲ ሓደ ወዲ ነቡኡ ርኤና።”*



# ብዛዕባ የሱስ'ዩ! ብዛዕባ ሳንታ ክሎዝ ኣይኮነን።

ብስብሓት ዘርኣ (North Carolina)

እዚ ኣብ ሰሜን ኣመሪካ፡ ሳንታ ክሎዝ፣ ኣብ ቻይና፡ ኣረጊት ሰብኣይ ናይ ልደት፣ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ፡ ናይ ልደት ኣቦ፣ ኣብ ጀርመን፡ እቲ ሕጻን ክርስቶስ፣ ኣብ ዓዲ ጣልያን፡ ፓፓ ናታለ፣ ... ወዘተ፡ ዝብል ኣስማት ዝሓዘ ሰብ እንታዋይ እዩ?

ኒቆላስ ብዝብል ስም ዝፍለጥ ዝነበረ ሰብኣይ፡ ኣብ እዚ ሕጂ ቱርኪ ተባሂሉ ዚጽዋዕ ሃገር ብ280 ድ.ል.ክ ኣቢሉ ዝነብር ዝነበረ ሰብኣይ እዩ። ኒቆላስ ካብ ሃብታማት ቤተ ሰብ ደኣ ይወለድ እምበር፡ ወለዱ ጌና ንእሽቶ ኸሎ ስለ ዝሞቱ ዘኽቲሙ ከም ዝዓበየ ታሪኽ ይነግረሉ። ኒቆላስ መንእሰይ ከሎ ንኣምላኽ ኽገልግል መደበ። ትእዛዛት ክርስቶስ ንምፍጻም ክብል ከኣ እቲ ካብ ወለዱ ዝወረሶ ሃብቲ ንድኻታትን ንሕሙማትን ንሽጉራትን ክህብ ወሰነ። ኣብ መወዳእትኡ ናይታ ንሱ ዘገልግላ ዝነበረ ቤተ ክርስትያን ጳጳስ ኰይኑ ተቐብአ። ድሕሪ ሞቱ፡ ታሕሳስ 6-343 ድ.ል.ክ፡ እታ ቤተ ክርስትያን ቅዱስ ዝብል መዓርግ ሃበቶ።

ብዛዕባ ቅዱስ ኒቆላስ ዝንገር ብዙሕ ታሪኻት ኣሎ። ካብዚ ክልተ ንርአ። በቲ ንሱ ዝነበረሉ ዘበን፡ ሓደ ድኻ፡ ሰለስተ ጕራዙት ደቂ ዝነበርኦ ሰብኣይ ነይሩ ይብሃል። ነዘን ዝኣኸላ ደቁ፡ ኽግዝመን ዓ ቕሚ ስለ ዘይነበሮ፡ ኸመርዕወን ኣይከኣለን። ቅዱስ ኒቆላስ ናይዚ ሰብኣይ እዚ ሽግር ፈለጠ፡ ኺሕግዞ ኸኣ ደለየ።

ሓደ ለይቲ፡ ቅዱስ ኒቆላስ ኣብ ዝባን ናሕሲ ቤት ናይቲ ሰብኣይ፡ ኣቦ እተን ጕራዙት፡ ሓኹረ። በቲ መውጽእ ትኪ ናይ መእጉዲ ሓዊ ናይቲ ቤት ከኣ ገንዘብ ዝመልኣ ሰለስተ ንኣሽቱ ኸረጺት ኣውደቐ። ኺነቅጽ ኢለን ኣብ ልዕሊ እቲ መእጉዲ እቲ ሓዊ ዝዘርግሕኦ ካልስታት ናይተን ኣዋልድ ድማ ዓለበ፡ ይብሃል። በዚ ምኽንያት'ዚ ድማ እዩ ምስ ካልሲታት ኣብ ልዕሊ መእጎዲ ሓዊ ዘተሓሕዝዎ።


Generous St Nick

እዚ ክኸውን ከሎ፡ ኣቦኣን ስለ ዝረኣየ፡ ቅዱስ ኒቆላስ፡ ንሓደ ሰብ እኳ ኸይነግር ኣጠንቀቖ። ግና ብዝኾነ ናይታ ኸተማ ህዝቢ ስለ ዝሰምዖ በቲ ሰናይ ተግባራት ናይ ቅዱስ ኒቆላስ ኣዝዮም ተደነቑ።

ሓደ ዘብዐኛ ንሰለስተ ንኣሽቱ ኣወዳት ቀቲሉ ኣብ በርሚል ብጨው ዝተሓወሶ ማይ ዝመልአ ኣእተዎም ይባሃል። እቲ ያታ ከም ዝብሎ ኸኣ፡ ቅዱስ ኒቆላስ

ነቶም ቆልዑ ካብቲ በርሚል ኣውጺኡ ካብ ሞት ኣተንስኦም። ነዚ ምስ ገበረ ኸኣ፡ ነቲ ዘብዐኛ መስከረሉ እሞ ንሱ ኸኣ ንክርስቶስ ተቐቢሉ ደሓነ ይብሃል። እሞ፡ ንቕዱስ ኒቆላስ ምስ ቈልዑ ዘተሓሕዝዎ በዚ ምኽንያት እዚ እዩ።

ኣብቲ ንሱ ዝነበረሉ እዋን ብዙሓት ቤተ መቕደሳትን ቤተ ክርስትያናትን ብስሙ ተሰሪሐን እየን። ብፍላይ ከኣ ኣብ ሰሜን ኤውሮጳ፡ ኣብ ፊንላንድ፡ ሳንታ ክላውስ፡ ዘይኣርግ፡ ዘይሓምም ዘይጸምም፡ ዘይመውት፡ ነዊሕ ጻዕዳ ጭሕሚ ዘለዎ፡ ኩሉ ጊዜ ልደት ኣብ ምሉእ ዓለም ህያባት ዝህብ፡ ተመሊሱ ኣብ ፊንላንድ ከም ዝነብር ገይሮም ዝኣምኑ ኣለዉ። ገሊኦም ከኣ መተካእታ ነቲ ሕጻን የሱስ ክርስቶስ እዩ፡ ዝብሉ'ውን ኣለዉ።

ቅዱስ ኒቆላስ፡ እዚ ሕጂ ብሳንታ ክሎዝ ዚፍለጥ ዘሎ ኣብ ኣመሪካ፡ ካናዳ፡ ኤውሮጳ ንንግድን መደናገርን ገይረሙዎ ኣለዉ። ዝኾነ ዕድመ ዝደፍአ ሰብ ጻዕዳ ጭሕሚ ዘለዎ፡ "*ኣነ ሳንታ ክሎዝ እየ፡ ህያባት ከምጽኣልኩም፡*" እናበሉ ቦታ ናይ የሱስ ክወስዱ ሒኾ ይብሉ። ሓደ ጊዜ ኣብ ተሌቪዥን ነቶም ቆልዑ ሓወቦኦም ንሳንታ ክላውስ መሲሉ እንሆለ ህያብ ኣምጺኣልኩም ምስ በሎም፡ እታ ቆልዓ ጓል 5 ዓመት ትኸውን፡ ኣብ ገጹ ጥምት ኣቢላ፡ ንሸኻ ደኣ ሓወቦይ ሮበርት እንዲኻ በለቶ። ብዙሓት ቆልዑ መን እዩ ሳንታ ክላውስ? ካበይከ መጺኡ፡ መኣስከ ተወሊዱ እናበሉ ዝሓቱ ኣለዉ። መልሲ ግና ወይከ!

ቅዱስ ኒቆላስ ከም ዝንገረሉ፡ ለጋስ፡ ንድኻታት ምሃብ ዚፈቱ፡ ፍርሃት እግዚኣብሄር ዝነበሮ ሰብ እዩ ነይሩ። ሰብ ስለ ዝኾነ ግና ብታሕሳስ 6-343 ድ.ል.ክ. ከምቲ ኩሉ ፍጡር ብሞት ካብዛ ዓለም ተፈልዩ። እቲ ዘሕዝን፡ ብዙሓት ሰባት ብመዓልቲ ልደት ናይ የሱስ ክርስቶስ ብዛዕባ ሳንታ ክሎዝ ክዛረቡን ክዘንትዉን ትረኽቦም። እቲ ዝገደደ ኸኣ ክርስትያናት ኢና በሃልቲ፡ ንደቆም ሳንታ ክላውስ ዝሃበኩም ኢሎም ኣብታ ልደት የሱስ ክርስቶስ ዝዝከረላ መዓልቲ ህያባት ይህብዎም።

ብመስከረም 1950 ንጉስ ሃይለ ስላሴ ንኤርትራ ኽበጽሑ ምስ መጹ፡ ኣብ ከረን፡ ሓደ ሰብኣይ እዚ ኩሉ ህዝቢ ስለምንታይ እዩ መጺኡ ኢሉ ምስ ሓተተ፡ "ንጃንሆይ፡" ኢሎም መለስሉ። እዘን መካይንከ ናይ መን እየን? ኢሉ ምስ ሓተተ ኸኣ፡ ናይ ጃንሆይ፡" በልዎ። ደሓር ትቕበል ኣቢሉ፡ እሞ ጃንሆይ ትብልዎ ደኣ ኮሚሳርዮ ዘይትብልዎ በለ። ሕጂ ኸኣ ሳንታ ክላውስ ኣብ ብዙሓት ሰባት ቦታ ናይ የሱስ ክርስቶስ ወሲዱ ኣሎ። የሱስ ደኣ'ምበር ሳንታ ክላውስ ኣይኮነን።

ሓደ ጊዜ ኣብ ቤተ ክርስትያን እቲ ፓስቶር ነቶም ቆልዑ እናመሃሮም፡ ወለድኹም ይፈልጡኩም፡ ብዙሕ ስለ ዝፈልጡ ኸኣ ይምህሩኹም፡ የሱስ ከኣ ኩሉ እዩ ዝፈልጥ፤ ዘድልየኩም ኩሉ ኸኣ ይህበኩም እዩ በሎም። ሓደ ቆልዓ፡ ሳንታ ክላውስ ከኣ ዘድልየና ይህበና እዩ፡ ምስ በለ፡ እቲ ፓስቶር፡ ብዘይ ሰጋእታ፡ "እወ፡" ኢሉ መለሸሉ። ኣነ ኸኣ ሰንቢደ፡ ግምጥል ኢለ ንበዓልቲ ቤተይ፡ "ሸካይት! ሰሚዕክዮዶ?" ኢለ ሓተትኩዋ እዝነይ ጠርጢረ። ግና ኣይተጋገኹን፡ ንሳ እውን፡ "እወ ሰሚዔዮ፡" በለትኒ፡ እሞ እዝስ ምስ ምንታይ ይቑጸር?

ኣብዚ ኣነ ዝሰርሓሉ ኩባንያ፡ ልደት



መጸት ገለ ሰባት ሳንታድዩ ብገዛኻ ሓሊፉ? ህያብዶ ኣምጺኡልኩም? ይብሉኒ። ኣነ ኸኣ፡ "የሱስ ኣብ ገዛይን ኣብ ልበይን ኣሎ፡ ህያብ ዝህበኒ ኸኣ ንሱ እዩ፡" እብሎም።

እዞም ኣብ ሀገርና ማዕረ ኣምላኽ፡ ኣረ! ኣብ ገሊኡስ ዝያዳ ዝምለኹ ዘለዉ፡ ከምዚ ናይ ቅዱስ ኒቆላስ ብዙሕ ሰናይ ሰሪሖም ይኾኑ። ግና ሰባት ስለ ዝኾኑ ኩላቶም ሞይቶም። እቲ ኹሉ ዚኽእልን ዝፈጠረን ንዘለኣለም ከኣ ህያው ኮይኑ ዚነብር ኣልፋን ኦሜጋን ዝኾነ የሱስ ክርስቶስ በይኑ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ኦሪት ዘፍጥረት ክሳዕ ራእይ ዮሃንስ ብዛዕባ የሱስ ክርስቶስ እዩ ዚምህር።

ከካፍለኩም፡ ሓንቲ ባህ እተብለኒ ሓጻር ታሪኽ፡ ኣብ ኣመሪካ፡ ሰብኣይን ሰበይትን ክርስትያናት ምስ ንክልተ ንኣሽቱ ደቆም ይነብሩ ነበሩ። እቲ ሰብኣይ ንሰበይቱን ንደቁን ኩሉ ጊዜ ኣብ እዋን ልደት ህያባት ይገዝኣሎም ነበረ። ሓንቲ መዓልቲ ግና ሓሚሙ ሞተ። ሽዑ እቶም ቆልዑ ነዲኦም፡ "መን ደኣ ህያብ ከምጽኣልና እዩ?" ኢሎም ሓተትዋ። ንሳ ከኣ፡ "የሱስ፡" በለቶም። በሊ ቁጽሪ ተሌፎኑ ሃብና በልዋ። "ብተሌፎን ምንጋር ኣየድልዮን እዩ፡ ተምበርኪኽኩም ጥራይ ንገርዎ፡ እሞ ኽሰደልኩም እዩ፡" በለቶም።

እቶም ቆልዑ ነዲኦም ከይሰምዑ፡ ደብተር ናይ ቁጽሪ ቴሌፎናት ኣልዒሎም፡ ናይ ሓደ ዝኾነ ሰብ ቁጽሪ ወሲዶም ደወሉ። ጐይታ ግዲ መሪሕዎም ከኣ፡ እቲ ቑጽሪ እንዳ ናይ ሓደ ኣማኒ ክርስትያን እዩ ነይሩ። "ሃለው የሱስ! እቲ ኩሉ ጊዜ ህያባት ናይ ልደት ዚገዝኣልና ዝነበረ ኣቦና ሞይቱ እዩ። ስለዚ ካልእ ዚገዝኣልና የብልናን እሞ ንስኻ ግዝኣልና፡" በልዎ። እቲ ሰብኣይ በቲ ዝበልዎ ኣሕነቕኒቑ።

ዘድልዮም ህያባትን ኣድራሻኦምን ወሲዱ ኸኣ ነቲ ህያባት ሒዙ ኣብ ማዕጾ ገዝኦም ደው ኢሉ ምስ ኳሕኵሐ ኣዲኦም መጺኣ ኸፈተቶ። ከም ዝተገረመት ፈሊጡ ኸኣ ኩሉ ነገራ። "እቲ ህያባት የሱስ እዩ ሂቡዎም እሞ፡ የሱስ ከም ዝሃቦም ንገርዮም። ኣነ ብህይወት ክሳዕ ዘለኹ ኸኣ ኽሳዕ ዚዓብዩ ኽገዝኣሎም እየ፡" በላ።

ክቡራት ኣንበብቲ "ሕማም ጐረቤት ተላጋቢ፡" ከም ዝባሃል፡ ንዓና ኹሉ ንደቅና እዚ ናይ ሳንታ ክላውስን ካልእ ሕማቕ ባህልታት ምዕራባውያን ክይለግበና ንጠንቀቕ። ነቲ ሰናይ ባህልታትና ወሲድና ነቲ ሕማቕ ግና ንየው ንበሎ። ልደት ብዛዕባ የሱስ ደኣ'ምበር ብዛዕባ ሳንታ ክላውስ ኣይኮነን።

፩ ሎሚ ሓጎስ ኮነ፡ ናይ ሰማይ ኣቦና ከም ጋሻ መጺኡ ናብ ቤትና። ናይ ልደት መብራህቲ ነብርሆ ብለይቲ፡ ንቀበል ብእምነት፡ ብፍቕሪ።

፪. ንሱ ሕጻን ኮነ፡ ንኣሽቱ ኣፍቀረ፡ በጃኣምውን ነፍሱ ኣሕለፈ። ክቡር፡ ሃብታም ከሎ፡ ሕጻናት መሰለ፡ ኣብ ቤቱ ናብ ላዕሊ ኺወስዶም።

፫. ስለዚ ንዘምር፡ ሕጉስ መዝሙር ልደት። ዎ ኣቦና፡ ንዘምረልካ፡ ካብ ውሽጢ ልብና። ብጽሩይ ድምጽና፡ ኣብ ሰማይ ክንዘምር ሓቢርና።

*መዝሙር ሰላም ቍ. ፪፻፷፩*